Gesundheits- und Sozialdepartement

# ሓባሪ መንገዲ ካንቶን ሉዘርን

# ጥዕና ማሕበራዊ ናብራ ስራሕ

KANTON LUZERN

Dienststelle
Soziales und Gesellschaft | disg.lu.ch

## ናብ ካንቶን ሉዘርን እንቋዕ ብድሓን መጻእኩም

እዚ „ ሓባሪ መንገዲ ናይ ካንቶን ሉዘርን: ጥዕናን: ማሕበራዊ ናብራን ስራሕን“ ዝበሃል መጽሔት: ብዛዕባ ኣብ ካንቶን ሉዘርን ዝርከባ: ብደረጃ ካንቶንን ዞባን: ንጥዕናን ማሕበርዊ ፍልጠትን ዝውሃቡ ኣገልግሎታት ኣመልኪቱ: ብተወሳኺ ውን ዛዕባታት ስራሕን ማሕበራዊ ድሕነትን ውሕስነትን ሓበሬታን ኣንፈትን ይህብ። ኣገዲስቲ ሓበሬታታት ካብ ዝተፈላለዩ ናይ ኢንተርነት ዌብሳይታት ክትወስድ ይከኣል። ንዝያዳ ሓበሬታን ምኽሪን ከኣ ኣብ ማእከል ክኢላዊ ወሃብቲ ኣገልግሎት ምውካስ ይከኣል።

ኣብዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ወይ ተገሊጹ ዘሎ ንጥፈታት ወሃብቲ ኣገልግሎት: ዝኾነ ለውጢ ክመጽእ ዘይከእል ኣይኮነን። ኣብዚ ዝግበር ለውጥታት ናይ ኣቕርቦት ኣገልግሎት: እዚ ሓባሪ መንገዲ መጽሔት: ነቲ ሓብሬታ ህሉውን ወድዓዊን : ወይ በብእዋኑ ክሕድሶ ዝኾነ ሓላፍነት ኣይወስድን ኢዩ።

ቀጻሊን ንምሉእ ስዊስ ዝምልከትን  ኣብ መስርሕ ዘሎን  ንመድሃኒትን ሕክምናዊ ኣገልግሎትን  ዝምልከት ሓብሬታ ንምርካብ“ ኣብ መጺሔት ሓባሪ መንገዲ: ጥዕና ስዊስ“ «Gesundheitswegweiser Schweiz» ምውካስ ይከኣል።

መጽሔት „ ሓባሪ መንገዲ ናይ ካንቶን ሉዘርን: ጥዕናን: ማሕበራዊ ናብራን ስራሕን“ ብጥቡቕ ዝኾነ ርክብ ምስ መጽሔት ጥዕና “ መጺሔት ሓባሪ መንገዲ: ጥዕና ስዊስ“ ብሓባር ይሰርሕ። ብስነ-ሓሳብ: ክልቲኦም መጽሔታት ሓበርቲ መንገዲ: ዝተመሳቐለ ሓበሬታን: ሓደ ካብቲ ካልእ ፈላሊኻ ዘይጥመት: ናይ ሓባር ስራሕን ኣገልግሎትን ኣለዎም።

ኣብ ኣቕርቦት ኣገልግሎት ናይዚ ሓባሪ መንገዲ: ኩሉ ግዜ ንማሕበራዊ ናብራ ዝምልከት ናይ ምኽሪ ምሃብ ኣገልግሎት ኣሎ። ስዒቡ እቲ ኣምር ምኽሪ ዝበሃል ክግለጽ ኢዩ።

## ኣገልግሎት ምኽሪ

ምኽሪ ዝበሃል ብነጻ ድልየት ብዛዕባ ሓደ ዛዕባ: ምስ ሓደ ክኢላ ናይ ሓደ ሞያ ዝግበር ዝርርብ ኢዩ። እዚ ምኽሪዚ ዝተፈላለዩ ሓገዝን ደገፍን: ዕዮ ገዛ ኣብ ምስራሕ: ሕቶታት ኣብ ምምላስን ጸገማት ኣብ ምእላይን ኣገልግሎት የበርክት።

## **መቕድም**

እዚ መጽሔት ሓባሪ መንገዲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ ንጥዕናዊ ኣገልግሎታትን ናይ ማሕበራዊ ናብራ ምኽሪ ኣቕርቦትን ከምኡውን ኩነታት ምድላይ ስራሕ ኣብ ካንቶን ሉዘርን ዝምልከት ብዙሕ ሓበሬታን መወከሲ ኣድራሻታትን ሒዙ ይርከብ። እዚ ሓባሪ መንገዲ መጽሔትዚ፡ ንነበርቲ ካንቶን ሉዘርን፡ ንዝተፈላለዩ ሕቶታትን ጸገማትን ንምፍታሕ፡ ኣበየናይ ቦታ ክውከሱ ከምዝግባእ ዝሕብር ኣገዳሲ ትሕዝቶ ኣለዎ።

እዚ መጽሔት ሓባሪ መንገዲ፡ ሓደስቲ ናብ ካንቶን ሉዘርን ክቕመጡ ንዝመጽኡ ነበርቲ ብዙሕ ሓበሬታ ይህቦምን ኣንፈት ንምሓዝ ደገፍ ይገብረሎምን። ከምኡ ስለዝኾነ ከኣ እዚ ሓባሪ መንገዲ ናብ ብዙሕ ዝተፈላለየ ተትርጕሙ ይርከብ። ሰራሕተኛታት ምምሕዳር ከባቢ፡ ክኢላታት፡ ኣባላት ዝተፈላለያ ማሕበራት፡ ካልኦት ግዱሳት ውልቀ ሰባትን፡ ነዚ ሓባሪ መንገዲ ዝኾነ መጽሔት ከም ናይ ሓበሬታ መለዋወጢን፡ መወከሲን ክግልገልሉ ኢዮም።

ኣብ ዘፈላለያ ምምሕዳር ከቢታት ካንቶን ሉዘርን፡ ማእለያ ዘይብሎም ኣቕርቦታት ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት፡ ከም ስፖርትን ባህልን ካልኦት ማሕበራዊ ንጥፈታትን ብማሕበርት ይኹን ብካልእ ይወሃቡ ኢዮም። ኣብ ምሕላው ቅርጺ ኣካልት ወይ ክብደት ሰውነት፡ ወይ ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ስፖርት ቀረባት ምስ እትግደሱ፡ ወይ ኣብ ማሕበራዊን ባህላዊን ንጥፈታት ክትጽመዱ ምስትደልዩ፡ ንእብ ከባቢኹም ዝርከብ ምምሕዳር ከባቢ ተወከሱ፡ ኩሉ ኣብኡ ንዝርከብ ተኻእሎታት ዘድሊ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

Ruth Bachmann
መራሒት ማእከል ሓበሬታ ማሕበረሰብኣዊ ሕቶታት
ማእከል ኣገልግሎት ማሕበራዊን ማሕበረሰብኣዊን ካንቶን ሉዘርን

# ዝርዝር ትሕዝቶ

**1 ሓፈሻዊ ሓበሬታ**
– ምዕቃብ ውልቃዊ ሓበሬታን ናይ ምስቃጥ ግዴታን 7
– ናይ ስዊስ ናይ ምትርጓም ኣገልግሎት 8
– ዋጋ/ክፍሊት ናይ ኣገልግሎታት 8

**2 ጥዕና**
– ኣካልዊ ጥዕና 11
– ስነ-ኣእምሮኣዊ ጥዕና 14
– ናይ ወልፊ ባህርያት( ኣልኮል: ሓሺሽ ወዘተ...) 16

**3 ማሕበራዊ**
– ናይ ምምሕዳር ከባቢ ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ማሕበራዊ ናይ ወሃብቲ ምኽሪ ማእከላትን (SoBZ) 19

ሓፈሻዊ ማሕበራዊ ማእከል ኣገልግሎት ምኽሪ
– ፋቢያ/FABIA 21
– ካሪታስ ሉዘርን /Caritas Luzern 21

ፍሉይ ኣገልግሎት ምኽሪ: ንምክልኻል ሕማማትን ሓፈሻዊ ጠለባት ጥዕናን
– ብድሆታት ጥዕናን ምክልኻል ሕማማትን 22
– ቆልዑትን መንእሰያትን 24
– ስድራ ቤት 25
– ዝምድና ምሕዝነት: ብዛዕባ ጾታዊ ርክባትን ንናብራ ዝምልከት ምኽሪን 26
– ስንክልና ዘለዎም ሰባት 28
– ብዕድመ ዝደፍኡ ሰባት/ ኣረግቶት/ ሽማግለታት 28
– ሕጋዊ መንበሪ ፍቓድ ዘይብሎም ሰባት (Sans-Papiers) 29
– ሓደጋን ጎነጽን 30
– ገንዘብን ዕዳን 31
– ህጹጽን ነባሪን ሓገዝ 31
– ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ናይ ሃይማኖታዊ ትካላት 32
– ኣድራሻ ናይ ወሃብቲ ማሕበራዊ ኣገልግሎት 32

**4 ስራሕ / ዕዮ**
– ሞያ - ናይ ሂወት ሞያዊ ተመኩሮን ታሪኽን 35
– ሽቕለት ኣልቦነት 35
– ቀሊል/ፈኹስ ስራሕ 36
– ናይ መአላት ሓበሬታ 36

**5 ማሕበራዊ ድሕነት/ውሕስነት**
– ጨንፈር ቤት ጽሕፈት ጥሮታ/ AHV-Zweigstellen 39
– መሕለውታ/መከላኸሊ ናይ ጥዕና ድሕነት 40

**ናይ ሓደጋ ህጹጽ መደወሊ ቁጽርታት** 43
**መሕበሪ ኣድራሻ ናይ ሞያ ትካላት** 45

ደጊምካ መወከሲ ንምርግጋጽ: ኣብ “ናይ ስዊስ ሓባሪ መንገዲ ጥዕና“ ኣድራሻ ኢንተርነት www.migesplus.ch › Wegweiser › Gesundheitswegweiser ተወከስ:: ☰☰


1

# ሓፈሻዊ ሓበሬታ

ሕቶታት ወይ ጸገማት ኣብ ዘጓንፈኩም ግዜ እሞ ካብ መን ሓገዝ ክትረኽቡ ከምትኽእሉ ማለት ናይ ቀረባ ዝምልከቶ ተሓታቲ  መን ምኳኑ ርግጸኛታት ኣብ ዘይትኾንሉ ግዜ፡ ኣብት እትነብርሉ ምምሕዳር ከባቢ ንዝርከብ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ምውክስ ይከኣል፡፡ ኣብትሕቲ ናይ ምምሕዳር ከባቢ ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ማሕበራዊ ወሃብ ኣገልግሎት ምኽሪን ዝብል ኣርእስቲ ኣብ  ገጽ 19 ብዛዕባዚ ብዙሕ ክትፈልጡ ይከኣል፡፡
ንጠለብኩም ኣየናይ ትካል ብቐረባ ተጸዋዒ ወይ ሓላፍነት ዝወስድ ምኳኑ ምስዘይትፈልጡ፡ FABIA ኣብ ዝበሃል ትካልውን ክትውክሱ ይከኣል፡፡

FABIA. Kompetenzzentrum Migration
Tribschenstrasse 78
6005 Luzern
041 360 07 22
info@fabialuzern.ch
www.fabialuzern.ch

# ውልቃዊ ሓበሬታ ምክልኻልን ብምስጢር ኣስቂጥካ ምዕቃብን

.ሰራሕተኛታት ክኢላዊ ኣገልግሎት ናይ ምትርጓም ማእከል ምስጢር ውልቓዊ ጉዳያት ዝምልከትን ሓበሬታ ኣብቲ ዝግበር ናይ ዝርርብ ምልውዋጥ ክዕቅብዎን ንኻልእ ከይነግሩ ከስቅጡን ሞያዊ ሓላፍነቶም የገድዶም፡፡ ብስምምዕ ናይቲ ዝትርጎመሉ ጥራይ ሓበሬታ ናብ ሳልሳይ ኣካል ከመሓላልፉ ይኽእሉ፡፡ እቲ ሕጊ ዝኾነ ሓበሬታ ኣገዲዱ  ካብ ሳልሳይ ኣካል ክወስድ እንተኮይኑ ግን ኣቐዲሞም ክሕበሩ ይግባእ፡፡

# ኣግልግሎት ምትርጓም ኣብ ማእከላይ ስዊዘርላንድ

ምርድዳእ ኣብ መንጎ ናይ ውልቒን : ህዝባዊን ከም ጥዕና፡ ስልጠናን ማሕበራዊ ናብራን  ናይ ስራሕ ቦታ ዝቐያይር ሰብን ኣብ መንጎ ክኢላዊ በዓል ሞያን፡ እቲ ናይ ምትርጓም ኣገልግሎት፡ ብልዕሊ 50 ቋንቋታት ባህሊ ዝፈልጡ ፍሉይ ስልጠና ዝወሰዱ ተርጎምቲ ክኢላታት የዳሉ፡፡

Caritas Luzern
Dolmetschdienst Zentralschweiz
Grossmatte Ost 10
6014 Luzern
041 368 51 51
dolmetschdienst@caritas-luzern.ch
www.dolmetschdienst.ch

ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ተርጎምቲ ካብ ውሽጢ ባህልኻ ዝፈልጡ ኣብቲ ሓባሪ መንገዲ ጥዕና ስዊስ «Gesundheitsweg-weiser Schweiz» ዝበሃል መጽሔት ክትውከሱ ይከኣል፡፡

# ዋጋ ክፍሊት ናይ ኣገልግሎት/ኣቐርቦት

መብዛሕትኦም ኣቕርቦታት ኣብዚ ሓባሪ መንገዲ መጽሔት ዝርከቡ ብዘይ ክፍሊት ብነጻ ኢዮም፡፡ ገለ ኣቕርቦት ኣገልጎት ቁሩብ ክፍሊት ዝሓቱ እንተኾኑ፡ እቲ ዝምልከቶ ማእከል ኣገልግሎት ኣቐዲሙ  ይሕብር፡፡

# 2

# ጥዕና

# ኣካላዊ ጥዕና

## ናይ ገዛ ሓኪም

ኣብ ስዊስ ንመሰረታዊ ናይ ጥዕናዊ ክንክን ሓላፍነት ወሲዱ ዝሰርሕ ናይ ገዛ ሓኪም ኢዩ። ሓደ ሰብ ምዝሓምም ወይ ናይ ጥዕና ምኽሪ ምስዘድልዮ፡ ብቀዳምነት ናብ ናይ ገዛ ሓኪም ይውከስ። ድሕሪዚ ኣገዳሲ ኮይኑ ምስ ዝርከብ  እቲ ናይ ገዛ ሓኪም ናይ ሕክምና ወይ ናይ ብፍሉይ ዝምልከቶ ክኢላ ይልእኮ ወይ ይሰዶ።

ናይ ገዛ ሓኪም የብልኩምን ዲኹም፤ ኣብ ዝስዕብ ናይ ኢንተርነት መወከሲ  ሓደ ወግዕዊ ዝርዝር ናይ ስዊስ ሓካይም ተጻሒፉ ይርከብ። ብተወሳኺ እቶም ናይ ገዛ ሓኻይም እንታይ ቛንቛ ከም ዝኽእሉ ተመልኪቱ ኣሎ። www.doctorfmh.ch

ንዝያዳ ሓበሬታ  ንመድሃኒት ሕክምናን ናይ ገዛ ሓኻይምን ዝገብርዎ ክንክንን ዝምልከት፡ ብትወሳኺውን ንናይ ጥዕና ድሕነት ዋሕስ ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ መጽሔት „ ሓባሪ መንገዲ ጥዕና ስዊስ“ ክትውከሱ ይከኣል። ▯▯

## ናይ ካንቶን ሕክምና፡ ናይ ህጹጽ መደወሊ ቁጽርትት ናይ ሉዘርን ሓካይም፡ ናይ ቆልዑ ት ሓካይም፡ መወከሲ ምኽሪ መደወሊ ቁጽሪ ተለፎን፡ መሕከሚ ማእከላት

ናይ ገዛ ሓኪምኩም ኣብ ዘይርከበሉ ግዜ ኣብዚ ዝስዕብ ናይ ኢንተርነት መወከሲ ክትውከሱ ይከኣል፡፡፡

www.luks.ch

**ናይ ህጹጽ መደወሊ ቁጽሪ ናይ ሉዘርን ሓካይም**
0900 11 14 14 (3.23 CHF/Min.)
በዚ ቁጽሪዚ፡ 24 ሰዓታት፡ 7 መዓልቲ ኣብ ሰሙን፡ ናይ ገዛ ሓኪምኩም እንተዘየሎ ክትውከሱ ይከኣል፡፡

**ናይ ቆልዑ ሓካይም መወከሲ ምኽሪ መደወሊ ቁጽሪ ተለፎን**
0900 55 47 74 (3.23 CHF/Min.)
በዚ ቁጽሪዚ፡ 24 ሰዓታት፡ 7 መዓልቲ ኣብ ሰሙን፡ ናይ ገዛ ሓኪምኩም እንተዘየሎ ንሓካይም ካንቶን ሉዘርን ክትውከሱ ይከኣል፡፡

ናይ ካንቶን ሉዘርን ሕክምና፡ ኣብ ሉዘርን
Spitalstrasse
6000 Luzern 16
041 205 11 11

ናይ ካንቶን ሉዘርን ሕክምና፡ ኣብ ሱርሰ
Spitalstrasse 16 A
6210 Sursee
041 926 45 45

ናይ ካንቶን ሉዘርን ሕክምና፡ ኣብ ዎልሁዘን
Spitalstrasse 50
6110 Wolhusen
041 492 82 82

Permanence Bahnhof Luzern,
MedCenter AG
Shopping-Bereich Bahnhof Luzern
041 211 14 44
www.medcenter.ch/herzlich-willkommen-bahnhof

**ንሂወት ኣስጋኢ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ጥራይ ነዚ ናይ ህጹጽ ሓደጋ መደወሊ ቁጽሪ 144 ብቀጥታ ምድዋል ይከኣል፡፡.**

ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ባህርያት ኣብ ህጹጽ ሓደጋ ዝጥለብ መድሃኒትን ናይ ሕክምና መሕደሪን መሳለጥያን ኣብቲ ሓባሪ መንገዲ ጥዕና ስዊስ «Gesundheits-wegweiser Schweiz» ዝበሃል መጽሔት ክትውከሱ ይከኣል፡፡

## ሽፕቴክስ/ ጥዕናዊ ክንክን ኣብ ገዛኻ

ሽፕቴክስ፡ ወሃብ ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ ገዛኻ፡ ካብ ሆስፒታልን ገዛን ወጻኢ ኣገልግሎት ክንክንን ምኽሪን ይህብ፡፡ ናይ ጥዕና ክንክን ክኢላታት፡ ክንክንን ሓግዝን ንዘድልዮም ሰባት ኣብ ገዝኦም ከይዶም ዘድሊ ሓገዝ ይገብርሎም፡፡ እዚ ንካብ ሕክምና ወጺኦም ኣብ ገዝኦም ኮይኖም ተውሳኺ ክንክን ዘድሎዮም፡ ምኽርን ካልእ ተወሳኺ ናይ ጥዕና ሓገዝ ዘድልዮም ሰባት ይምልከት፡፡

ሃገራዊ ናይ ሽፕቴክስ ቁጽሪ ተሌፎን፡
0842 80 40 20
በዚ ቁጽሪ ደወልካ ናይቲ ትነብረሉ ምምሕዳር ከባቢ ኮድ ወይ ቁጽሪ መራሒ ፖስታ/ፖስት ላይት ዛህል/ ትሕብር እሞ፡ ምስቲ ናይቲ ከባቢኻ ትካል ሽፕቴክስ የራኽበካ፡፡

ተወሳኺ ሓበሬታ ንሽፕቴክስ ዝምልከት ኣብ መጽሔት „ሓባሪ መንገዲ ስዊስ“ ይርከብ፡፡

## ናይ ቆልዑት ጥዕናዊ ክንክን ኣብ ገዛኻ ኣብ ማእከላይ ስዊዘርላንድ

ናይ ቆልዑት ሽፕቴክስ: ቆልዑትን ትሕቲ ዕድመ መንእሰያትን ክሳብ 18 ዓመት ዝዕድሜኦም ንምክንኻን: ብፍሉይ ሞያዊ ብቑዓት ኣብ ገዛ ይርከብ። .

KinderSpitex Zentralschweiz
Brünigstrasse 20
6005 Luzern
041 970 06 50
info@kispex.ch
www.kispex.ch

## ሓኪም ስኒ

ናይ ስኒ ዝምልከት ሕማማት ምስዘጋጥማኩም: ናብ ናይ ስኒ ሓኪምኩም ተወከሱ። ዝርዝር ኣስማት ናይ ስኒ ሓካይም ኣብ ካንቶን ሉዘርን: ኣብዚ ዝስዕብ ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ ተወከሱ።

ኣድራሻ ኢንተርነት:
www.sso.ch/fuer-patienten-zahnarztsuche
(ዝርዝር ኣስማት ሓካይም ስኒ ኣብ ካንቶን ሉዘርን)

ተወሳኺ ሓበሬታ ንናይ ሓኪም ስኒን ዝህበ ኣገልግሎት ክንክንን: ዝምልከት ኣብ መጽሔት „ሓባሪ መንገዲ ጥዕና ስዊስ„ ክትረኽቡ ይከኣል። 📖

# ስነ-ኣእምሮኣዊ ጥዕና

ብናይ ድቃስ ጸገማት ወይ ናይ ኣእምሮ ምጭናቕ ወይ ፍርሒ ዝኣመሰሉ ሕማማት ምስትሳቐዩ: ኣብ ካንቶን ሉዘርን: ናይ መጀመርታ ፍታሕ: ኣብ ናይ ገዛ ሓኪምኩም ተወከሱ። ካብ ናይ ገዛ ሓኪም ናብ ዝለዓለ ናይ ስነ-ኣእምሮ ሞያዊ ክእለት ዘሎዎም ሓካይም ወይ ማእከል ጥዕና ትለኣኹ።

ናይ ህጹጽ መደወሊ ቁጽሪ ናይ ሉዘርን ሓካይም
0900 11 14 14 (3.23 CHF / Min.)
በዚ ቁጽሪዚ: 24 ሰዓታት: 7 መዓልቲ ኣብ ሰሙን: ናይ ገዛ ሓኪምኩም እንተዘየሎ ንሓካይም ካንቶን ሉዘርን ክትውከሱ ይከኣል።

ተወሳኺ ሓበሬታ ንናይ ሓኪም ስኒን ዝህቦ ኣገልግሎት ክንክንን: ዝምልከት ኣብ መጽሔት „ሓባሪ መንገዲ ጥዕና ስዊስ „ ክትረኽቡ ይከኣል። ☰☰

### ናይ ሉዘርን ናይ ስነ-ኣእምሮ ሕሙማት መእለይ

ኣብዚ ናይ ሉዘርን ናይ ስነ-ኣእምሮ ሕሙማት መእለዩ: ናይ ሕሙማት ኣማኸርቲን: ፈወስትን ንናይ ኣእምሮ ሕሙማትን ኣብ ሂወቶም ብዘግጥሞም ጸገማት ዝስቐዩ ሰባትን ዝሕግዙ ክኢላታት ኩሉ ግዜ ድሉዋት ኣለዉ። ኣብዚ ንሕማም ጭንቀት: ሰብእዊ ጭንቀት ሕማማት: ምርባሽ ኣእምሮ: ፍርሒ ናይ ሕጽረት ዓቕሚ ጭንቀትን ናይ ወልፊ ሕማማትን የጠቓልል።

www.lups.ch › Erwachsenenpsychiatrie › Allgemeinpsychiatrie › Ambulatorien

ዝርከበሉ ቦታ
www.lups.ch/standorte

### ናይ ቆልዑትን መንእሰያትን ናይ ስነ-ኣእምሮ ሕሙማት ኣገልግሎት ምክንኻን ማእከል (KJPD)

እዚ KJPD ዝበሃል ናይ ስነ-ኣእምሮን ሕማምን ስነ-ፍልጠታዊ -ኣተሓሳስባን: ኣብ ማሕበራዊ ስነ-ሓሳብ ፍልልይን ባህርያዊ ጸገማትን ዘለዎም ቆልዑትን መንእሰያትን ናይ ምኽሪን ዝተፈላለዩ ሓገዛት ኣገልግሎትን ይህብ።

www.lups.ch
› Kinder- und Jugendpsychiatrie

ዝርከበሉ ቦታ
www.lups.ch/standorte

## ቁጽሪ ተለፎን ናይ ዘመድ ቤተሰብ ናይ ስነ-ኣእምሮ ሕሙማት

ክኢላታት ሰብ ሞያ ሕክምና፡ ንመቕርብ ቤተ-ሰብ፡ ንናይ ስነ-ኣእምሮ ሕሙማት፡ ሓበሬታን ሕቶታትን ናይ ኣእምሮ ሕማማት ዝምልከት ከምኡ ውን መፈወሲ መድሃኒትን፡ ተኽእሎታት ምፍዋስን ዝምልከት ዘድሊ ሓበሬታ ይሕብርዎም፡፡

Beratungstelefon 24 h
für Betroffene und Angehörige
0900 85 65 65
(Regulärer Gesprächstarif bis zur
10. Minute, danach 3.23 CHF/Min.)
www.lups.ch › Patienten & Angehörige
› Angehörigenarbeit

# ናይ ወልፊ ባህርያት
## ( ኣልኮል: ሓሺሽ ወዘተ ...)

### ሕዝባዊ/ማሕበራዊ ማእከላት ኣገልግሎት ምኽሪ (SoBZ)

ክኢላታት ሰብ ሞያ ኣብ SoBZ ዝርከቡ: ብዛዕባ ወልፊ መስተ ኣልኮል: ወልፊ ጸወታ: ወልፊ ምግዛእ: ወልፊ መግቢ ዝእመሰን የማኽሩ።ኣብ ትሕቲ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ምምሕዳር ከባቢን ማእከል ኣገልግሎት ምኽሪ ማሕበራዊ ናብራን (SoBZ) ኣብ ገጽ 19 ንከባቢኹም ወይ ዘባኹም ዝውክል/ዝሕተት SoBZ ትረኽቡ።

### ናይ ሉዘርን ናይ ስነ-ኣእምሮ ሕማማት ሕክምናዊ ኣገልግሎት

ኣቐርቦት ንናይ ሉዘርን ናይ ስነ-ኣእምሮ ሕማማት ሕክምናዊን ናይ ምኽሪን ኣገልግሎት: ንኣብ ኣልኮል ወልፊ ዘለዎም ሰባት: ብዘይ መድሃኒት ክንቀሳቐሱ ዘይክእሉ ሰባት: ልምዲ ወይ ካልእ ወልፊ ዘለዎም ሰባት ዝቐንዐ ኢዩ።
ኣብ ትሕቲ ናይ ሉዘርን ናይ ስነ-ኣእምሮ ሕሙማት ዝብል ኣርእስቲ ኣብ ገጽ 14 ንናይ ዘባኹም ወኪል ወይ ተሕታቲ ናይ ሉዘርን ናይ ስነ-ኣእምሮ ሓኪም ትረኽቡ።

### ድሮፕ ኢን= ኣውሪድካ ምኻድ/

እዚ „ኣውሪድካ ምኻድ“ ዝበሃል ናይ ሕክምናዊ ፍወሳን ምርመራን ዝግበረሉ ናይ መቐበሊ ሕሙማን ክፍሊ: ንኦፒኦድን ንካልእ ተደራራቢ ወልፍታት ጽግዕተኛታት ዝኾኑ ሰባት ኣገልግሎት ይህብ።

Drop-in
Bruchstrasse 29 A
6000 Luzern 7
058 856 43 00
dropin@lups.ch
www.lups.ch > Erwachsenen-Psychiatrie > Abhängigkeit

# 3

# ማሕበራዊ
# ኣገልግሎት

# ናይ ምምሕዳር ከባቢ ፡ ማሕበረሰብኣዊ ኣገልግሎትን ቀረባት ምኽሪን ሓበሬታን፡ (SoBZ)

ናይ ውልቂ፡ ናይ ስድራ-ቤት፡ ፋናንስያዊ ጸገማት ወይ ኣዝዩ ንሂወት ኣስጋኢ ዝኾነ ናይ ቁጠባ ጸገማት፡ መብዛሕትኡ ግዜ ብዘይ ሓገዝ ሓደ ክኢላዊ ዕቑሚ ክፍታሕ ይኽእል። ኣብ ውልቃዊ ናይ ምኽሪ ዝርርብ ምስ ወሃብ ኣገልግሎት ማሕበራዊ ናብራ ናይ ምምሕዳር ከባቢ፡ ወይ ምስ ማእከል ወሃብ ምኽሪ Sozial-BeratungsZentrum (SoBZ)፡ ሓገዝ ካብ ክኢላዊ ዓቕሚ ጸገማትኩም ንምፍታሕ ክትረኽቡ ይከኣል። ነብሲ-ወከፍ ምምሕድር ከባቢ ኣብ ካንቶን ሉዘርን፡ ናይ ገዛእ-ርእሱ ናይ ምኽሪን ሓገዝን ኣገልግሎት ይህብ፡ ወይ ምስ ካልእ ምምሕዳር ከባቢ ኮይኑ፡ ሓደ ማእከል ኣገልግሎት ምኽሪ /Sozial-BeratungsZentrum (SoBZ)/ ይገብር።

ዕዮታት/ስርሓት ናይ ሓደ ወሃብ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ወይ ናይ ሓደ ናይ ዞባ ማእከል ወሃብ ምኽሪ ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ብሓፈሻኡ ኣብዞም ዝስዕቡ ዓውድታት ይተኩር።

- ናይ ኣደነትን- ኣቦነትን ናይ ምኽሪ ኣገልግሎት
- ምኽሪ ኣተዓባብያ ቆልዓ
- ምኽሪ ንቆልዑትን መንእሰያትን
- ምኽሪ ንስድራ-ቤት፡ ብንጽል ወይ ብጽምዲ
- ምኽሪ ናይ ኣማቓርሓ ገንዘብን ዕዳን
- ቁጠባዊ፡ማሕበራዊ ንወለዲ ዝምልከት ሓገዛት

- ምኽሪ ሓደጋታት ኣልኮልን: ጽግዕተኛኘት/ወልፊ/ ኣልኮልን
- ምኽሪ ኣብ ናይ ኣመጋግባ ጸገማት: ወልፊ ጸወታ: ጽግዕተኛነት ኣብ መድሃኒትን ዝተፈላለዩ ወልፍታትን
- ንሞያ ዝምልከት ተጣባቒ ወይ ወኪል ቆልዑትን ናይ ልዕሊ ዕድመ ወይ ዓቕሚ ኣዳም ዝበጽሑ ሰባት ተጣበቕቲ
- ናይ ትምህርቲ ማሕበራዊ ስርሓት

ኣብ ቤት-ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢ ናይቲ እትነብርሉ ምምሕዳር ከባቢ: ኩሉ ንዓኹም ዘድሊ ናይ ቀረባ ተሓታቲ: ወሃቢ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ናይቲ ዘባ ክትውከሱ ይከኣል። ብዝያዳ ውን ኣብዚ ዝስዕብ ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ ክትውከሱ ይከኣል። www.sobz.ch።

## ዘባዊ SoBZ

Zentrum für Soziales Standort Hochdorf
Bankstrasse 3 B
Postfach 694
6281 Hochdorf
041 914 31 31
hochdorf@zenso.ch

Zentrum für Soziales Standort Sursee
Haselmatte 2 A
Postfach
6210 Sursee
041 925 18 25
sursee@zenso.ch

SoBZ Region Willisau-Wiggertal
Kreuzstrasse 3 B
Postfach 3239
6130 Willisau
041 972 56 20
willisau@sobz.ch

SoBZ Region Entlebuch,
Wolhusen und Ruswil
Hauptstrasse 13
Postfach 165
6170 Schüpfheim
041 485 72 00
info@sobz-entlebuch.ch

## ከተማ ሉዘርን

ማሕበራዊ ሓበሬታ ሬክስ / Sozial Info Rex ነበርቲ ካንቶን ሉዘርን: ብዛዕባ ዘድልዮም መወከሲ ሓበሬታን ሓገዛትን: ንዝደልዩዎ ናይ ቀረባ ተሓታቲ ትካል ንምርካብን: ብዛዕባ ዘለዉ ኣቕርቦታትን ንምፍላጥ ካብ ማሕበራዊ ሓበሬታ Rex ክረኽቡ ይኽእሉ።

Sozial Info Rex
Obergrundstrasse 3
6002 Luzern
041 208 72 72
www.sozialedienste.stadtluzern.ch

ንዝበለጸ ሓበሬታ:ንወልፊ ዝምልከት ሕቶታት
KLICK. Fachstelle Sucht Region Luzern
Obergrundstrasse 49
6003 Luzern
041 249 30 60
info@klick-luzern.ch

# ሓፈሻዊ ናይ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ምኽሪ ማእከላት

**FABIA. Kompetenzzentrum Migration**
እዚ ክኢላዊ ማእከል፡ ንምውህሃድ ኣብ ካንቶን ሉዘርን ምልከት ምኽሪን ሓበሬታን ይህብ። ናይዚ ዕላማ ዝኾኑ ሰባት/ህዝቢ፡ ናይ መንበሪ ፍቓድ B, C, L ወይ F ድሕሪ 10 ዓመት ዘለዎም፡ ክኢላታት ናይ ማሕበራዊ ናብራ፡ ክኢልታት ትምህርቲን ስልጠናን ክኢላታት ጥዕናን ሰበ-ስልጣንን ኣመሓደርትን ንኽግልገልሉ ኢዩ።፡

FABIA. Kompetenzzentrum Migration
Tribschenstrasse 78
6005 Luzern
041 360 07 22
info@fabialuzern.ch
www.fabialuzern.ch

**ካሪታስ ሉዘርን**
ካሪታስ ሉዘርን ንውልቀ ሰባትን ንስድራን ኣብ ሓደጋ ወይ ህጹጽ ሓገዝ ኣብ ዝደልዩሉ ግዜ፡ ብተናጸል/ብውልቂ ሓገዝን ምኽሪን ይህብ። ክኢላታት ኣብ ዓውድታት ማሕበራዊ ናብራን ንገንዘብ ዝምልከት ጸገማት ምስዘጋጥም፡ ምኽሪ ይህቡ፡ ይሕግዙ፡ ሓበሬታ ይህቡን።

Caritas Luzern
Sozial- und Schuldenberatung
Kellerstrasse 36, 6005 Luzern
041 368 52 73
sozialberatung@caritas-luzern.ch
www.caritas-luzern.ch › Was wir tun › Sozial- und Schuldenberatung

# ምኽሪ ብፍሉይ ሞያዊ ኣፍልጦ ዘለዎም: ምክልኻል ሕማማትን ጥዕናዊ ጠለባትን:

# ጥዕናዊ ጠላባትን ምክልኻል ሕማማትን

**traversa – ሰኪዔት ሓበሬታ ንናይ ስነ-ኣእምሮ ሕማማት ዘለዎም ሰባት:**
እዚ ሰኪዔት ሓበሬታ: ንናይ ስነ-ኣእምሮ ሕማማት ዘለዎም ሰባትን መቖርቦምን: ይኣሊ: ይናቢ: ምኽሪ ይህብን ይመርሖን የሰኒን። ኣብዚ መዳይ ተንቀሳቓሲን ቀዋሚን ማእከላት እዚ ትካል ይበርክት።

traversa
Tribschengasse 8
6005 Luzern
041 319 95 00
info@traversa.ch
www.traversa.ch

**ማእከል ተሓከምቲ ማእከላይ ስዊዘርላንድ**
እዚ ማእከል ተሓከምቲ: ንዝተፈላለዩ ጸገማት ጥዕና ዘለዎም ሰባት: ምስ ሓኻይም: ሓኪም ስኒ: ሕክምናታት: ማዕከን ድሕነት : ሓፈሻዊ ድሕነት ጥዕና: ንሕክምናዊ ጉዳያትን: ንምርካብን ኣጠቓቕማን መድሃኒትን ንመሰላቶምን ዝምልከት ሓበሬታ ይረኽቡ።

Patientenstelle Zentralschweiz
St. Karliquai 12
6004 Luzern
041 410 10 14
patientenstelle.luzern@bluewin.ch
www.zentralschweiz.patientenstelle.ch

ተወሳኺ ሓበሬታ ንመሰልን ግቡኣትን ተሓከምቲ ዝምልከት: ኣብ መጽሔት“ ሓባሪ መንገዲ ጥዕና ስዊስ“ ይርከብ።

**ንሕማም ኣይድስ /Aids/ ዝምልከት ሓገዝ ኣብ ሉዘርን**
ወሃብ ኣገልግሎት ሓገዝ ሕማም ኤይድስ ካንቶን ሉዘርን: ብተለፎን ስም ብዘይምግላጽ ወይ ብኣካል: ንሕማም ኤይድስ ዝምልከት ሕቶታት ይምልስን: ምኽሪ ይህብን። ንካልእ ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ዝምልከት: ተላጋቢ ረኽሲን ናይ ስነ-ኣእምሮ ሕማማትን ኣብ ማሕበራዊ ናብራ ዘጋጥሙ ዝተፈላለዩ ዛዕባታትን ብሓፈሻኡ ብዛዕባ ጾታዊ ርክባትን ይማኽር።

Aids Hilfe Luzern
S&X – Sexuelle Gesundheit Zentral-schweiz
Museggstrasse 27
6004 Luzern
041 410 69 60
info@sundx.ch
www.sundx.ch

**ርእስኻ ምሕጋዝ /Selbsthilfe/ ሉዘርን: ኦብዋልደን: ኒድዋልደን**
ኣብ ካንቶን ሉዘርን ከባቢ 90 ዝኾኑ ንዝተፈላለዩ ዛዕባታት ዝምልከት ናይ ርእስኻ ምሕጋዝ ጉጅለታት ኣለዉ። ኣብቲ ዌብ-ሳይት ናይ ክኢላዊ ማእከል ርእስኻ ምሕጋዝ: ናይ ሉዘርን: ናይ ኦብዋልደን ወይ ናይ ኒድዋልደን: ወይ ብቀጥታ ብምውካስ ብዛዕብዚ ብዙሕ ክትምከሩ ይከኣል።

Selbsthilfe Luzern
041 210 34 44
mail@selbsthilfeluzern.ch
www.selbsthilfeluzern.ch

## ቤኖቮል /Benevol/ ሉዘርን ክኢላዊ ማእከል ወለንታዊ ስራሕ

እዚ ክኢላዊ ማእከል ብዛዕባ ወለንታዊ ስራሕ፡ ኣብ ካንቶን ሉዘርን ይሕብርን ሰባት ኣየናይ ወለንታዊ ስራሕ ከም ዝሕሾም የማኽር፡፡

Benevol Luzern
Postfach
6210 Sursee
041 211 02 30
www.benevol-luzern.ch

## ሚገስፕሉስ.ሰሃ

ኣብዚ ዌብ-ሳይት፡ ንናይ ጥዕና ሜላ ዝምልከት ሓበሬታ፡ ንናይ ሕማማት ድሕነት ኣተኣታትዋ ሜላ፡ ንጠለባት ጥዕናዊ ሜላ ዝምልከት ሓበሬታን ካልእን ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ይሕብር፡፡

www.migesplus.ch

# ቆልዑትን ትሕቲ-ዕድመ መንእሰያትን

**Contact – ርክብ መንእሰያትን-ኣማኸርቲ ወለዲን**
እዚ ኣቕርቦት ከም ወሃብ ምኽራዊ ኣገልግሎት መንእሰያት ናብ ንኣሽቱ መንእሰያትን ኣባጽሕን: ካብ ክሊ ዕድመ 13 ክሳብ 25 ዘለዉን ናብ ወለዶምን ንዕዖም ተጸዋዕቲ ዝኾኑን ዝቐንዐ ኢዩ። ከም ኣማኸርቲ ስድራ-ቤት ከኣ ንወለዲ ትሕቲ 13 ዓመት ዝዕድሜኦም ቆልዑት የገልግል። ተወሳኺ ኣቕርቦት ከኣ ንዝፋትሑ ወይ ዝፈላለዩ ወለዲ ይህብ።

ኣብ www.contactluzern.ch ናይ ምምሕዳር ከባቢኹም ኣማኸርቲ ማእከል ትረኽቡ።

Contact Jugend-
und Familienberatung
Kasernenplatz 3
Postfach 7860
6000 Luzern 7
041 208 72 90
info@contactluzern.ch
www.contactluzern.ch

**ስነ-መዕበያዊ ምሕዋይን ብኣጋ ናይ ምኹስኳስ ኣገልግሎትን (HFD)**
እዚ HFD ናይ ዕብየትን ምምዕባል ኣካላትን ኣተሓሳስባን ጸገማት ንዘለዎም ቆልዑት ካብ እተወልድሉ ዕለት ክሳብ ናብ መዋእለ-ሕጻናት ዝኣትዉ ደኣልን ይሕብሕብን። ንወለዲ ከኣ ንመዕበዩ እቲ ውሉድ ዝምልከት ሓላፍነትን ንዕብየቱን መዕበዩኡን ዝምልከት ምኽሪ ይህብ።

www.volksschulbildung.lu.ch ›
Schulsystem & Schulen › FFS

Regionale HFD-Zweigstellen

HFD Luzern
Weggismattsrasse 23
6004 Luzern
041 228 31 40

HFD Sursee
Haselmatte 2 A
6210 Sursee
041 228 31 10

HFD Willisau
Am Schützenrain 4
6130 Willisau
041 228 31 30

**ተጣበቐቲ መንእሰያት (ንቆልዑትን መንእሰያትን)**
ተጣበቐቲ መንእሰያት ንቆልዑትን መንእሰያትን የማኽሩን ኣብ ግዜ ህጹጽ ሓደጋ ይሕግዙን።

ምኽሪ+ሓገዝ 147
ንቆልዑትን መንእሰያትን 24 ሰዓታት / 7 መዓልታት
ብቴለፎን: ኤሲኤሜስ: ቻት:ኢ-መይልን ዌብሳይትን
beratung@147.ch
www.147.ch

Pro Juventute Kanton Luzern
www.projuventute-luzern.ch

# ስድራ-ቤት

## ምኽሪ ንኣደነት- ኣቦነት
ኣብዚ ናይ ወሃብቲ ኣገልግሎት ምኽሪ ማእከል ናይ ኣቦነትን ኣደነትን ምኽሪ ብዛዕባ ቆልዑት ክሳብ 5 ዓመት ዝዕድሜኦም ምኽሪ ይህብ። ንምጥባው፡ ኣመጋግባ ሕጻን፡ ኣተዓባብያን ኣመዓብላን ሕጻን፡ ሕክምናን ዝተፈላለዩ ሕማማትን ዝምልከት ሕቶታት ይምልስ።

ምኽሪ ንኣደነት- ኣቦነት ዞባ ሉዘርን

www.muetterberatung-luzern.ch
› Beratungen

Mütter- und Väterberatung
Region Luzern
Kasernenplatz 3
Postfach 7860
6000 Luzern 7
041 208 73 33
mvb@stadtluzern.ch
www.muetterberatung-luzern.ch

ምኽሪ ናደነትን-ኣቦነትን ኣብ ካንቶን ሉዘርን
ናይ ሉዘርን ገጠራት ማእከል /SoBZ / ናይ ምምሕዳር ከባቢ ናይ ኣደነትን ኣቦነትን ምኽሪ ይህብ።
ኣብ ትሕቲ ኣርእስቲ ናይ ምምሕዳር ከባቢ ማሕበራዊ ናብራ ወሃብ ኣገልግሎትን ናይ ማሕበራዊ ናብራ ወሃብ ኣገልግሎት ምኽሪን ማእከላት (SoBZ) ኣብ ገጽ 19 ናይ ዞባኹም ናይ ቀረባ ናደዚ ጉዳይ ተወካሊ / SoBZ/ ትረኽቡ።.

### መማኸርቲ ቆልዑት

ኣብዚ ዌብ-ሳይትዚ፡ ልዕሊ 400 ዝኾኑ ሓበሬታታት ብዛዕባ ናይ ስድራ-ቤት መመላእታታትን ናይ ምኽሪ ኣቐርቦታትን ኣብ ካንቶን ሉዘርን ክትረኽቡ ይከእል፡፡

www.kinderbetreuung.lu.ch

### Contact – Jugend- und Familienberatung

እዚ ኣቐርቦትዚ ናብ ወለዲን ቆልዑት ክሳብ 13 ዓመት ዝዕድሜኦም  ዝምልከት ኢዩ፡፡ ንዝፈላለዩ ወይ ዝፋትሑ ወለዲ ናይ ሓበሬታ ዝርርብ ዝገብር ኣቐርቦት ውን ኣሎ፡፡ ኣብ ትሕቲ መወከሲ ምኽሪ ንመንእሰያትን ንወለዲን ዝብል ኣርእስቲ፡ ሓበሬታ ንናይ ምኽሪ ኣቐርቦታት ኣብ ገጽ 19 ክትረኽቡ ይከኣል፡፡

### Elternbildung LU

እዚ ወብ-ሳይት፡ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ናይ ስልጠና ኣቐርቦታት ንምዕባይ ቆልዑት ዝምልከትን ካልእን  ይሕብር፡፡ ኣብዚ ዝካየድ ዋዕላታት ኣበይ ምኺኑ፡ ኣበይ ክኢላዊ ምኽሪ ናይ ፍልጠት ከምዝርከብ፡ ምስ ካልኦት ወለዲ ተመክሮ ምልውዋጥ ኣበይ ከምዝርከብ ክትፈልጥ ይከኣል፡፡

www.elternbildung.lu.ch

## ዝምድና ጾታ፡ ጾታዊ ርክብ፡ ንናብራ ሂወት ዝምልከት ምኽሪ

### elbe – ኤልበ- ክኢላዊ ማእከል ናይ ሂወት ሕቶታት

እዚ ወግዓዊ ናይ ምኽሪ ማእከል ንንጽል፡ መጻምድቲ፡ ነብሰ-ጾር፡ ውጥን ስድራ-ቤት፡ ከምኡውን ንጾታዊ ጉዳያት ኣብ ካንቶናት፡ ሉዘርን፡ ኒድ-ኦብዋልደን ኢዩ፡፡

elbe – Fachstelle für Lebensfragen
Hertensteinstrasse 28
6004 Luzern
041 210 10 87
www.elbeluzern.ch

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብዝዕባ ክንክን ነብሰ-ጾርን ኣብ እዋን ሕርሲን፡ ኣብ መጽሔት „ሓባሪ መንገዲ ጥዕና ስዊስ“ ምውካስ ይከኣል፡፡.

### ማእከል ደቀ-ንስትዮ ሉዘርን

እዚ ናይ ምኽሪ ማእከል እዞም ዝስዕቡ ኣቐርቦታት ይህብ፡፡ ናይ መሰል ምኽርታት፡ ናይ ፊናንሲያዊ ምኽሪ፡ ዓቕሚ-ኣዳም ዝበጽሑን ቆልዑትን ምምካር ኣብ ከተማ ሉዘርን፡፡ እዚ ናይ ምኽሪ ኣገልግሎት ናብ ደቀ-ተባዕትዮ ውን ዝቐንዐ ኢዩ፡፡

Frauenzentrale Luzern
Denkmalstrasse 2
6006 Luzern
041 211 00 30
info@frauenzentrale.ch
www.frauenzentraleluzern.ch

### ቤት-ጽሕፈት ደቂ-ተባዕትዮ ሉዘርን

እዚ ናይ ምኽሪ ተለፎን፡ ንፍሉይ ጸገማት ዘለዎም ደቂ-ተባዕትዮ፡ ኣብ ዘየላቡ ሽግራት ናይ ምኽሪ ሓገዛት ይህብ። ከም ናይ ደቀ-ተባዕትዮ ሕማማት፡ ዝምድናታት፡ ምምስራት ስድራ-ቤት፡ መንፈሳዊ ሂወት ከም ኣብነት ምጥቃስ ይከኣል።

Mannebüro Luzern
Beratungstelefon 076 393 33 12
kontakt@mannehotline.ch
www.manne.ch

### S&X – Sexuelle Gesundheit Zentralschweiz

እዚ ክኢላዊ ማእከል ምኽሪ፡ ብዛዕባ ዝምድናታት፡ ኣካላዊ ወሃብ ኣመት፡ ጾታዊ ርክባት ዝምልከት ሓበሬታ ይህብ። እዚ ኣቕርቦት ናብ መንእሰያትን ንኣሽቱ ዓቕሚ-ኣዳም ዝበጽሑን ከምኡውን ንወለዲ ይምልከት።

S&X – Sexuelle Gesundheit Zentral-schweiz
Museggstrasse 27
6004 Luzern
041 410 69 60
info@sundx.ch
www.sundx.ch

### LGBT+ Helpline

ኣብዚ ብዛዕባ ኩሉ ዓይነት ዘይንቡር ጾታዊ ርክባትን ዝምድናታትን ከም ጓለ-ንስተይቲ ምስ ጓለ-ንስተይቲ/ለዝቢያን/: ወዲ ተባዕታይ ምስ ወዲተባዕታይ/ሽሑለን/ : ተቓራኒ ጾታዊ ዝምድና: ዝተፈላለየ ጾታዊ ዝምድና: ናብ ዝኾነ ኣንፈት ዝዓለመ: ዝምልከት ምኽሪ ክርከብ ይከኣል።

0800 133 133
hello@lgbt-helpline.ch
www.lgbt-helpline.ch

### ኣገዲድካ መርዐ

እዚ ናይ መረጋገጺ መልሲ ማእከል: ንማሕበራዊ ሽግራት ብክኢላዊ ዓውዲ ሞያ  ሰባት ንዝምከቶም ይማኽር። እቲ ዝወሃብ ምኽሪ ካብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ወጻኢ ብኢ-መይል ወይ ብተለፎን( መሊስካ ምድዋል) ከም ናይ መጀመርታ መወከሲ ክወሃብ ይከኣል።

0800 800 007
info@zwangsheirat.ch
www.zwangsheirat.ch

# ስንክልና ዘለዎም ሰባት

### ፕሮ ኢንፊርሚስ

ፕሮ-ኢንፊርሚስ /Pro Infirmis/ ምኽሪን ገንዘባዊ ሓገዝን: ምእላይ ወይ ምምራሕ: ምንክብኻብን ካልእ ሓገዝን ንዘይፍወስ ሕማም ዘለዎም ሰባት ከምኡውን ስንክልና ዘለዎም ሰባት: ንመቖርበም ውን ከይተረፈ ይህብ።

Pro Infirmis Luzern, Ob- und Nidwalden
Zentralstrasse 18
Postfach 3666
6002 Luzern
058 775 12 12
luzern@proinfirmis.ch
www.proinfirmis.ch › Angebot › Luzern

# ኣረግቶት ሰባት

### ተጣባቒ ቅድሚ ጥሮታ

ተጣበቕቲ ቅድመ-ጥሮታ: ካብ 60. ዓመት ንላዕሊ ዝዕድሜኦም  ሰባት ኣብ ግዜ ኣሸጋሪ ናይ ሂወት ኩነታት: ይመክርን ይሕግዝን። ንኣብነት ንድሕነት ማሕበራዊ ናብራ: ኣብ መምርሒታትን ገንዘባዊን ሕቶታት ወይ ናይ መንበሪ ገዛ ዝምልከት ይሕግዝ።  መቐርብ ቤተሰብ ውን ይመኽሩ ኢዮም። ብተወሳኺ ትምህርታዊ ስልጠናን ናይ ስፖርት ስልጠናን ይወሃቡ።

Pro Senectute Kanton Luzern
Maihofstrasse 76
Postfach 3640
6002 Luzern
041 226 11 88
info@lu.prosenectute.ch
www.lu.prosenectute.ch

# ሕጋዊ ናይ መንበሪ
# ፍቓድ ዘይብሎም ሰባት

**ብዘይ- ወረቐት/ Sans-Papiers**
እዚ መወከሲ ማእከል ንሕጋዊ መንበሪ
ፍቓድ ዘይብሎም ሰባት: ንመንበሪ ገዛ:
ንማሕበራዊ ናብራ: ናይ ጥዕና ድሕነት:
ትምህርቲ: ስልጠና: መንበሪ ፍቓድ:
መጻምድቲን ምምስራት ስድራ-ቤትን
ዝምልከት ምኽሪን ሓበሬታን ይህብ።

ምኽሪ ዝወሃበሉ ሰዓታት/ስራሕ/ : ካብ
ሰሉስ ክሳብ ሓሙስ: ካብ ሰዓት 14.00
ክሳብ 18.00።

Sans-Papiers
Kontakt- und Beratungsstelle
Langensandstrasse 1
6005 Luzern
041 240 24 10
luzern@sans-papiers.ch

ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ጥዕናዊ ክንክን
ሕጋዊ ወረቐት /መንበሪ ፍቓድ/
ዘይብሎም ሰባት ኣብ መጽሔት „ሓባሪ
መንገዲ ጥዕና ስዊስ ምውካስ ይከኣል። 📖

# ህጹጽ ሓደጋን ጎነጽን

## ፖሊስ
ክትዓገቶ ዘይትኽእል፡ ምፍርራሕን ጎነጽን ምስ ዘጋጥም ኣብ ከባቢኻ ንዝርከብ ቤት -ጽሕፈት ፖሊስ ብቑጽሪ ስልኪ 117 ምውካስ ይከኣል። ንካልእ ናይ መቐጻዕቲ ስጉምቲ ብሕጊ ዝውሰነሎም ጉዳያት ኣብቲ ከባቢ ዝርከብ ወኪል ናይ ፖሊስ ወሃብ ኣገልግሎት ናይቲ ምምሕዳር ከባቢ ምውካስ ይከኣል።

## ማእከል ወሃብቲ ምኽሪ ግዳያት
እዚ ማእከል ወሃብ ኣገልግሎት ምኽሪ ንግዳያት ሰባት፡ ብምኽንያት መቐጻዕቲ ኣብ ኣካላቶምን ስነ-ኣእምርኦምን ወይ ውን ኣብ ጾታዊ ርክባትም ዝተጥቐዑ እሞ ማህሰይቲ ዝወረዶም፡ ንኩነታቶም ንምርግጋእን ምሕጋዝን መሰላቶም ኣብ ንቡር ንምምላስን ዘድልዮም ጠለባት ንምምላእ ይሕግዝ።

Opferberatungsstelle
des Kantons Luzern
Obergrundstrasse 70
6003 Luzern
041 228 74 00
opferberatung@lu.ch
www.disg.lu.ch › Themen › Opferberatung

## ናይ ሉዘርን ናይ ደቀ-ንስትዮ ገዛ
እዚ ናይ ሉዘርን ናይ ደቀ-ንስትዮ ገዛ ዝህቦ ኣቐርቦት፡ ናይ ኣካልዊ፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጾታዊ ገበን ኣብ ልዕሊ ደቀ-ንስትዮን ደቀን ምስዝፍጸም፡  ወይ ውን ደቀ-ንስትዮ ካብ መጻምድተን ወይ ካብ ኣባላት ስድራ-ቤተን ምፍርራሕ ምስዘጋጥመን ወይ ቀጽጽር ምስዝበዝሓን፡ ኣገልግሎት ይህብ። ኣብዚ ንዘጋጠም ጸገም ምክልኻል፡ ግዝያዊ መዕቆቢን ምኽሪን ይወሃብ። እዚ ናይ ደቀ-ንስትዮ ገዛ፡ ከም መጻንሒን መሰጋገሪን፡ ግዝያዊ ገዛ ህድእ ኢልካ ንመጻኢ መደብ ንምሕሳብ የገልግል።

Frauenhaus Luzern
Postfach 2616
6002 Luzern 2 Universität
041 360 70 00
frauenhaus@frauenhaus-luzern.ch
www.frauenhaus-luzern.ch

## agredis.ch – ኣማኽርቲ ጎነጽ ሰብኣይ-ምስ-ሰብኣይ
ኣብዚ ኣብ ኩሉ ደረጃ ዕድመ ዝርከቡ ደቂ-ተባዕትዮ፡ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሰባት ብቃልት፡ ብተግባትዕንወት ወይ ጸገም ንዝገብሩ ሕገዝ ይግበረሎም።

agredis.ch
Unterlachenstrasse 12
6005 Luzern
078 744 88 88
gewaltberatung@agredis.ch
www.agredis.ch

# ናይ ገንዘብ ትሕዝቶን ዕዳን

**ማእከል ምኽር ንዕዳ ዝምልከት ሕቶታት ኣብ ሉዘርን**
እዚ ክኢላዊ ማእከል: ዕዳ ንዘለዎም ሰባት የማኽር። ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ዕዳ ኣብዚ ዝስዕብ ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ www.schulden.ch ይርከብ።

Fachstelle für Schuldenfragen Luzern
Weinmarkt 20
6004 Luzern
041 211 00 18
info@schuldenberatung-luzern.ch
www.schuldenberatung-luzern.ch

# ናይ ህጹጽ ሓደጋ- ሂወት ምድሓን ሓገዝ

**ማሕበር ሃይማኖታዊ ስርሓት መንገዲ ሉዘርን**
እዚ ማሕበር ንድኽነትን ወልፊ ዘለዎም ሰባት ካብ ኩሉ ማእከላይ ስዊዘርላንድ ይሕግዝ። ብተወሳኺ መድሃኒትን መሰረታዊ ክንክን : መሰረታዊ ጠለባትን: ጥዕናዊ መግቢን:ውልቃዊ ምሕደራ ናብራን ይውፊ።

Verein Kirchliche Gassenarbeit Luzern
Murbacherstrasse 20
6002 Luzern
041 252 26 26
office@gassenarbeit.ch
www.gassenarbeit.ch

### ናይ ህጹጽ ሓደጋ መሕደሪ

ዓቕሚ-ኣዳም ዝበጽሑ ሰባት ነበርቲ ስዊስ ኣብዚ ናይ ግዜ ሽግር መጻንሒ ገዛ ንግዜኡ ናይ ምሕዳር ተኽእሎታት ይህብ።

Obdach-Notschlafstelle
Gibraltarstrasse 29
6003 Luzern
041 202 03 10
obdach@jobdach.ch
www.jobdach.ch

## ማሕበራዊ ኣገልግሎት ናይ ሃይማኖታዊ ትካላት

ኣብ ብዙሓት ምምሕዳር ከባቢታት፡ ናይ ሃይማኖታዊ ማሕበራዊ ወሃብቲ ኣገልግሎታት ትካላት ልክዕ ከምተን ናይ መንግስቲ ወሃብቲ ኣገልግሎት ማሕበራዊ ትካላት ኣሎዉ። ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ቤት-ክርስትያናት ሕተቱ።
ካልኦት ሃይማኖታዊ ትካላት ማሕበረሰብ፡ ሓደ ናይ ምኽሪን ሓገዛትን ኣቕርቦት ይህቡ። ኣብ ናይ ሃይማኖትኩም ትካላት ተወከሱ።

## ኣድራሻ ማሕበራዊ ትካላት

ኣብዚ ዌብሳይትዚ፡ ንኣተእላልያ ሕማማትን ምፍዋስን ምክንኻንን፡ ንወለንታዊ ስራሕ፡ መሕለፊ ነጻ ግዜን እርጋንን ዝምልከት፡ ሓበሬታ ወሃብቲ ኣገልግሎትን ብዝርዝር ይርከብ።

www.disg.lu.ch › Adressen Soziales


4

# ሰራሕ

## ምኽሪ ሞያን- ሞያዊ ጕዕዞን/ዕብየትን

**ምኽሪን ሓበሬታን ማእከል ንሞያን ስልጠናን (BIZ)**
ኣብዚ ማእከልዚ ንዓበይትን ንኣሸቱን : ንስልጠና፡ ስራሕ፡ ልምዲ ስራሕን ምጥራይ ሞያን ዝምልከት ምኽሪን ሓበሬታን ይህብ።

Beratungs- und Informationszentrum für Bildung und Beruf (BIZ)
Obergrundstrasse 51
6002 Luzern
041 228 52 52
info.dbw@lu.ch
www.beruf.lu.ch › Beratung & Unterstützung

## ኣካይዳ መስርሕ ስራሕ-ኣልቦነት

ዝኾነ ይኹን ስራሕ ዘይብሉ ሰብ ብእተኻእሎ መጠን ቀልጢፉ ኣብ ከባብያዊ ማእከል ምምሕልላፍ ስራሕ (RAV) ክምዝገብ ኣለዎ። እዚ ኣብእዋን እቲ ምልክታ ክግበር ኣለዎ እንተ ወሓደ ግን ኣብታ ቐዳመይቲ መዓልቲ ሸቐለት-ኣልቦነት ስራሕ ክግበር ኣለዎ። ምዝገባ ብኢንተርነት ወይ ብኣካል እዩ ዚግበር። ብኢንተርነት ምስ ተመዝገበ እቲ RAV ነቶም ስራሕ ዘይብሎም ሰባት ብምርኻብ ኣብቲ ናይ ምዝገባ ቓለ-መጠይቑ ቌጸራ ኺገብር እዩ። እቲ ስራሕ ዘይብሉ ሰብ ብሕታዊ ምዝገባ ንምግባር ንመጀመርታ ግዜ ናይ ምዝገባ ቃለ–መጠይቕ ንምግባር ምስ RAV ቈጸራ ይገብር።

https://wira.was-luzern.ch › Bereiche › Arbeitsmarkt › Für Stellensuchende

# ናይ ዕርቂ-ማእከላት

## ሰብ -መዚ ዕርቂ( ናይ ዕርቂ ስራሓት)

ኣብዚ ናይ ዕርቂ ሰብ-መዚ ቤት-ጽሕፈት፡ ንናይ ዕርቂ ጉዳያት ኣተሓሕዛ ዝምልከት፡ ናይ ስራሕ መሰላት መምርሒታት መብርሂ ምሕታት ይከኣል፡፡

Schlichtungsbehörde Arbeit
Zentralstrasse 28
6002 Luzern
041 228 65 60
www.gerichte.lu.ch › Organisation › Schlichtungsbehörden › Schlichtungs-behörde Arbeit

## ሰብ -መዚ ዕርቂ  ሞንጎኛነት

እዚ ናይ ዕርቂ ጉዳያት ዝከታተል ትካል፡ ንኩሎም ሰራሕተኛታት፡ ኣብ ውልቃዊ ናይ ስራሕ ውዕላቶም ምኽሪ ይህብ፡፡

Schlichtungsbehörde Gleichstellung
Zentralstrasse 28
6002 Luzern
041 228 65 60
www.gerichte.lu.ch › Organisation › Schlichtungsbehörden › Schlichtungs-behörde Gleichstellung

# መወከሲ/ሓበሬታ ሕጋዊ መሰላት

## ሕጋዊ ኣማኻሪ ሕግታት ስራሕ

መወከሲ ማእከል ሕጋዊ ምኽሪ ናይ ቤት-ፍርዲ ሕገ ስራሕ፡  ንነበርቲ ካንቶን ሉዘርን፡ ተሌፎን ወይ ብኣካል ኣብቲ ዝተወሰነ ግዜ  ምኽሪን ሓበሬታን ይህብ፡፡

Arbeitsgericht
Zentralstrasse 28
6002 Luzern
041 228 63 13
www.gerichte.lu.ch › Organisation › Erstinstanzliche Gerichte › Arbeitsgericht › Rechtsauskunft

## ኮንፈደራሽን  ስራሕ  ሉዘርን (LGB)

ማእከል ኮንፈደራሽን ስራሕ ሉዘርን፡ ኣብ ክልተ ሰሙን ሓደ ግዜ፡ ብዘይ ክፍሊት ገንዘብ ብነጻ፡ ሓፈሻዊ ንመሰል ዝምልከት ምኽሪ ይህብ፡፡ ነዚ ዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ፡ ኣብ ኣድራሻ ኢንተርነት ይርከብ፡፡ ኣቐዲምካ ምምዝጋብ ኣድላዪ ኣይኮነን፡፡

Luzerner Gewerkschaftsbund
Brünigstrasse 18
Postfach 3246
6002 Luzern
041 240 55 85
lgb-luzern@bluewin.ch
www.lgb-luzern.ch


5

# ማሕበራዊ ድሕነት

## ጨንፈር ድሕነት ጥሮታ

ጨንፈር ድሕነት ጥሮታ(ድሕነት ኣረግቶትን ብድሕሪኦም ዝተርፉን) ካንቶን ሉዘርን፡ ከም ቀዳማይ መበገሲ ማእከል ናይ ዝተፈላለዩ መዳያት ማሕበራዊ ድሕነት ናይ መጻኢ መወከሲ ኣንፈት ኮይኑ ይሰርሕ። ንማሕበራዊ ድሕነት ዝምልከት ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም፡ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢ መጺእኩም ተወከሱ፡ ኣብዚ ከኣ፡ ጨንፈር ድሕነት ጥሮታ ይርከብ።

ጨንፈር ድሕነት ጥሮታ ኣብዘን ዝስዕባ ነጥብታት ይሕግዝ፡

- ናይ ኣረግቶትን ብዘይ ኣላዩ ድሕሪኦም ዝተርፉን ድሕነት(AHV)
- ናይ ዘይብቑዓት( ንስራሕ ብቑዕ ዘይኮነ) ድሕነት
- ናይ እትገብሮ ንጥፈታት መመላእታ ዓስቢ
- መመላእታ ዓስቢ ኣታዊ ደሞዝ
- ናይ ኣደነት ኣበል
- ናይ ስድራ ኣበል
- ምቕናስ/ምጉዳል ካብ መሰረታዊ ግዴታዊ ክፍሊት ድሕነት

መኽሓሲ ምወላ ሉዘርን : ንናይ ማሕበራዊ ድሕነት ዝምልከት ሕቶታትውን የማኽርን ይሕብርን።

WAS Wirtschaft Arbeit Soziales
Ausgleichskasse Luzern
Würzenbachstrasse 8
6000 Luzern 15
041 375 05 05
www.ahvluzern.ch

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ማሕበራዊ ድሕነት፡ ኣብ „መጽሔት ሓባሪ መንገዲ ጥዕና ስዊስ“ ምውካስ ይከኣል። ▤▤

## ማእከል ድለላ ናይ ጥዕና ድሕነት

ንናይ ማእከል ምወላ ጥዕና ድሕነት ዝምልከት ካብ ማእከል ድለላ ናይ ጥዕና ድሕነት ምኽሪን ሓበረኢታን ምርካብ ይከኣል።

Ombudsstelle Krankenversicherung
Morgartenstrasse 9
Postfach 3565
6002 Luzern
041 226 10 10
www.om-kv.ch

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ማሕበራዊ ድሕነት፡ ኣብ „መጽሔት ሓባሪ መንገዲ ጥዕና ስዊስ“ ምውካስ ይከኣል።

# ናይ ህጹጽ / ሓደጋ መደወሊ ቁጽሪታት

## 144

**ህጹጽ መደወሊ ቁጽሪ**
ንኩሉ ህጹጽ ሕክምናዊ ሓደጋ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንህጹጽ ሕክምናዊ ባህርያት ዝምልከት ኣብ መጽሔት „ ሓባሪ መንገዲ ጥዕና ስዊስ“ ትረኽቡ።

## 117

**ፖሊስ**

## 118

**መጥፋእቲ ሓዊ**

## 143

**Die Dargebotene Hand /ኩሉ ግዜ ዝተሓጋገዙ= ሓጋዚት ኢድ/**
24 ሰዓታት / 7 መዓልታት
በዚ ቁጽሪ ብምድዋል: ሓገዝን ደገፍን ዘድልዮም ሰባት 24 ሰዓታትን ዘዘራርቡ ሰባት ክትረክብ ይከኣል።

## 147

**ተጣበቕቲ መንእሰያት (ንቖልዑትን መንእሰያትን)**
24 ሰዓታት / 7 መዓልታት
ቆልዑትን መንእሰያትን: ንትምህርቲ: ስራሕ: ሕሺሽ: ናይ ስድራ-ቤት ጸገምት: ጾታው ርክባት: ጎነጽ ወይ ዓምጽን ካልእን ዝምልከት ዛዕባታት: በዚ ቁጽሪ ደዊሎም ክውከሱ ይከኣል።

# ሓባሪ ኣድራሻ ማእከል ክኢላታት ምኽሪ

# A


- agredis.ch / ሰብኣይ ኣብ ልዕሊ ሰብኣይ : ንጎነጽ ዝምልከት ምኽሪ 30
- AHV-Zweigstellen / ናይ ዝኣረጉን ሓድጊን ድሕነት/ዋሕስ 39
- Aids Hilfe Luzern / ንሕማም ኣይድስ ዝምልከት ሓገዝ ኣብ ሉዘን 22
- Angehörigentelefon (Luzerner Psychiatrie) /ናይ ሉዘርን ስነ-ኣእምሮ ሕክምና: መቐርብ ዘመድ ቁጽሪ ተሌፎን 15
- Arbeitsamt / በዓል መዚ ዕዮ ወይ ስራሕ 35
- Ausgleichskasse Luzern / ማዕከን ገንዘብ ካሕሳ ወይ ደበስ 39


# B


- Beratungs- und Informationszentrum für Bildung und Beruf (BIZ) ) / ማእከል ምኽሪን ሓብሬታን- ንስልጠናን ሞያን 35
- Benevol Luzern – Fachstelle für Freiwilligenarbeit / ማእከል ወለንታዊ ዕዮ ወይ ስራሕ 23


# C


- Caritas Luzern /ካሪታስ ሉዘርን 8, 21
- Contact – Jugend- und Familienberatung / መወከሲ መንእሰያትን ኣማኸርቲ ስድራ-ቤትን 24, 26

# D


- Die Dargebotene Hand / ቀረብ ኣገልግሎታት 43
- Dolmetschdienst Zentralschweiz / ማእከል ኣገልግሎት ምትርጓም ማእከላይ ስዊዘርላንድ 8
- Drop-in 16


# E


- elbe – Fachstelle für Lebensfragen / ክኢላታት ኣማኸርቲ ንናይ ሂወት ሕቶ 26
- Elternbildung LU / ቦታ ሕቶ ናይ ሂወት ክለት ናይ ወለዲ 26


# F


- FABIA. Kompetenzzentrum Migration 7, 21
- Fachstelle für Schuldenfragen Luzern / ማኣከል ምኽሪ ንዕዳ ዝምልከት ሕቶታት ኣብ ሉዘርን 31
- Feuerwehr / መጥፋኣቲ ሓዊ 43
- Frauenhaus Luzern / ኣብ ሉዘርን ናይ ደቀ-ንስቲዮ ገዛ 30
- Frauenzentrale Luzern / ማኣከል ደቀ-ንስቲዮ ማኣከል ሉዘርን 26


# G


- Gemeindesozialdienste /ቀበሊዩ ሓገዝ ተረኛታት 7, 19, 25


# H


- Hausärztin / Hausarzt / ሓኪም ገዛ 11, 14
- Heilpädagogischer Früherziehungsdienst (HFD) ) / ስነ ምዕበያዊ ምሕዋይን ብኣጋ ናይ ምኹስኻስ ኣገሉለትን 24


# K


- Kantonale Spitäler / ናይ ዞባ ሆስፒታል 12
- Kinderärztliches Beratungstelefon / ወሃብቲ ምኽሪ ሓኻይም ቆልዑ 12
- Kinderbetreuung / ኣማኸርቲ ቆሉዑት 26
- Kinder- und Jugendpsychiatrischer Dienst (KJPD) ) / ናይ ቆልዑትን መናሰያትን ናይ ስነ-ኣኣምሮ ሕማማት ምክንኻን ማከል ኣገልግሎት 14
- KinderSpitex / ናይ ቆልዑት ሽፒተክስ 13
- KLICK. Fachstelle Sucht Region Luzern 20

# L


– LGBT+ Helpline 28
– Luzerner Gewerkschaftsbund (LGB) ) / ማሕበር ሰራሕተኛ ኣብ ሉዘርን 36
– Luzerner Psychiatrie-Ambulatorien / ኣብ ሉዘርን ናይ ስነ ኣእምሮ ሕማማት መኣለይ 14, 16


# M


– manne.ch – Mannebüro Luzern / በትጽሕፈት ጽቂተባዕቲዮ ሉዘርን 27
– migesplus.ch / ሚገስፑሉስ.ሰሃ 23
– Mütter- und Väterberatung / ኣብ ዞባ ሉዘርን ናይ ኣደነትን ኣቦነትን ምኽሪ ዝህብ 19, 25


# N


– Notfallnummer der Luzerner Ärzte / ናይ ህጹጽ/ ሓደጋ መደወሊ ቁጽርታት ናይ ሉዘርን ሓካይም 12, 14
– Notrufnummer / ንህጹጽ መደወሊ ቁጽሪ 12, 43
– Notschlafstelle / ናይ ሁጹጽ ሓደጋ መሕደሪ 32

# O

– Ombudsstelle Krankenversicherung / ማከል ድለላ ናይ ጥዕና ድሕነት 40
– Opferberatungsstelle / ማኣከል ውሃብቲ ምኽሪ ግዳያት 30

# P

– Patientenstelle Zentralschweiz / ማኣከል ተሓከምቲ ማኣከላይ ስዊዘርላንድ 22
– Permanence Bahnhof Luzern, MedCenter AG 12
– Polizei / ፖሊስ 30, 43
– Pro Infirmis / ንሱንኩላን ዝተሓጋገዝ 28
– Pro Juventute, für Kinder und Jugendliche / ተጣበቓቲ ንቖልዑትን መናሰያቲን 24, 43
– Pro Senectute Kanton Luzern / ተጣብቂ ቀድሚ ጥሮታ ካንቶን ሉዘርን 28

# R

– Rechtsauskunft Arbeitsrecht / መወከሲ ሕጊ መሰል ስራሕ 36

# S

– S&X – Sexuelle Gesundheit Zentralschweiz 22, 27
– Sans-Papiers / ወረቐት ኣልቦነት 29
– Schlichtungsbehörde Arbeit / ሰብ-መዚ ዕርቂ 36
– Schlichtungsbehörde Gleichstellung / ማዕርነት ሰብ-መዚ ዕርቂ 36
– Selbsthilfe Luzern Obwalden Nidwalden / ርእሰ-ምሕጋዝ ሉዘርን፡ኦብዋልድን፡ኒድዋልደን 22
– Sozial-BeratungsZentren (SoBZ) / ህዝባዊ ማእከል ምኽሪ 7, 16, 19, 25
– Sozialdienste religiöser Institutionen 32
– Soziale Adressen / ህዝባዊ ኣድራሻታት 32
– Sozial Info Rex / ህዝባዊ ሓበሬታ 20
– Spitex / ሽፒቴክስ 12

# T

– traversa – Netzwerk für Menschen mit einer psychischen Erkrankung / ትራቬርሳ 22

# V

– Verein Kirchliche Gassenarbeit Luzern / ማሕበር ስራሕ መንገዲ ቤተክርስትያን 31

# Z

– Zahnärztin / Zahnarzt / ሓኪም ስኒ 13
– Zentrum für Soziales Standort Hochdorf 20
– Zentrum für Soziales Standort Sursee 20
– zwangsheirat.ch 28

KANTON
LUZERN

Gesundheits- und Sozialdepartement
**Dienststelle Soziales und Gesellschaft**
Rösslimattstrasse 37
6002 Luzern

041 228 68 78
disg@lu.ch
www.disg.lu.ch

KANTON LUZERN

LUZERN

**ቋንቋታት**
ኣልባኒያ፡ ዓረብ፡ ቦዝንያ/ሰርቢያ/
ክሮሽያ፡ ጀርመን፡እንግሊዝኛ፡
ፈረንሳይኛ፡ጥልያን፡
ፖላንድ፡ፖርቱጋል፡
ስፓኛ፡ታሚል፡ትግርኛ

Sprache: Tigrinya


**ሕትመት**
ዝተዘርግሓሉ፡ 2021
ኣሕታሚን ዘርጋሒን፡
ካንቶን ሉዘርን
ማእከል ወሃብ ኣገልግሎት
ማሕበራዊ ናብራን ጥዕናን
ኣወሃሃዲ ማእከል ሓበሬታ
ማሕበራዊ ሕቶታት
ማሕተም፡ ሮዘንታር ሓላፍነቱ
ዝተወሰነ ብሕታዊ ማሕበር
(GmbH)


**ምንጪ ሓበሬታ**
ሓባሪ መንገዲ ካንቶን ሉዘርን፡
ጥዕና-ማሕበራዊ ናብራ- ስራሕ፡
Dienststelle Soziales
und Gesellschaft (DISG)
Rösslimattstrasse 37
Postfach 3439
6002 Luzern

041 228 68 78
disg@lu.ch
www.disg.lu.ch › Publikationen

ሓባሪ ጥዕና ስዊዘርላንድ፡
www.migesplus.ch ›
Wegweiser › Gesundheits-
informationen


BBL, ስርሓት መንግስታዊ
ሕትመት፡ 3003 Bern
www.bundespublikationen.
admin.ch